ናይ ማኒቶባ ዞባዊ ባጀላ

## ሓበሬታ

# ንስድራቤታት

9ይ ክሳብ 12ይ ክፍልታት



Manitoba

*ናይ ማኒቶባ ትምህርቲ ኩለን ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ክፉላት ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2013/2014 ናይ ግድን ክጥቀማሉ ክጅምራ ዞባዊ ባጀላ ኣተኣታትዩ ኣሎ፡፡*

# ሐፈሻዊ

## ስለምንታይ'ዩ ሐድሽ ባጀላ ዘድሊ ዘሎ?

መንግስቲ ማኒቶባ ኣብ ውሽጢ ማኒቶባ ዘሎ ጽፈት ትምህርቲ ንምምዕባልን ኣብ ሞንጎ ተመሃሮን፣

መምሃራንን ወለድን ድልዱል ዝምድናታት ንምህናጽን ሓድሽ ባጀላ ኣተኣታትዩ እዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ፣ ባጀላታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ክፉል ኣብያተ ትምህርቲ ከምኡ'ውን፣ ኣብ ዝተወሰኑ ኣጋጣሚታት፣ ኣብ ውሽጢ ሐደ ዓይነት ክፉል ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለዩ እዮም ኔሮም፡፡ እዚ ሐድሽ ዞባዊ ባጀላ ስድራቤታት ደቆም ማዕረ ክንደይ ብጽቡቕ ይመሃሩ ኣለዉ፣ መስርሕ ምምሃር ንኽምዕብል ኣየኖት ስጉምትታት እዮም ዝሕግዙ ብዛዕባ ዝብል ጉዳይ ዘይቀያየር፣ ንጹር ሐበሬታ ምርካቦም ንምርግጋጽ ዝሕግዝ እዩ፡፡

## እቲ ባጀላ ንምርድኡ ቀሊል ክኸውን ድዩ?

እቲ ባጀላ ብቐሊል ቋንቋ ዝተጻሕፈ'ዩ፡፡ ብዛዕባ ናይ ውላድኩም ተሪር ጎኒ ከምኡውን ውላድኩም ኣብምንታይ እዩ ሐገዝ ዝደሊ ይነግረኩም፡፡ ብዛዕባ እዚ ባጀላ ሕቶታት እንተልዩኩም፣ ንናይ ውላድኩም መምህር ከተዘረርቡ ትኽእሉ፡፡

## እቲ ዞባዊ ባጀላ ንኹሎም ደረጃታት ክፍሊ ሐደ ዓይነት ድዩ?

ሰለስተ ዓይነት ናይ ባጀላ ቅርጽታት ኣለዉ፡፡ ሐደ ካብ 1ይ ክሳብ 6ይ ክፍሊ፣ እቲ ሐደ ድማ ን7ይን 8ይን ክፍልታት ከምኡድማ እቲ ሐደ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ እዩ፡፡

## ኣብቲ ባጀላ ናይ መምህር ርእይቶታት ክህልዎ ድዩ?

እወ፡፡ መምሃራን ብዛዕባ ደቅኹም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘርእይዎ ውጽኢትን ጠባይን ርእይቶታቶም ክጽሕፉ እዮም፡፡ እዞም ርእይቶታት ውላድኩም ከመይ ይሰርሕ ኣሎን ናይ ውላድኩም መስርሕ ምምሓር ከመይ ጌርኩም ከምትሕግዙን ንምርዳእ ክሕግዝኹም እዮም፡፡

## ውሉደይ ብኸመይ ክግምገም/ክትግምገም እዩ/እያ"?

ናይ ኣካዳሚያዊ ዓወት ነጥብታት ተመሃሮ ናይ ስርዓተ-ትምህርቲ ዕላማታት ምምሃር ማዕረ ክንደይ ብጽቡቕ ይጭብጥዎ ኣለዉ ዘርኢ እዩ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ቅጥዒ-ዝውከስ ኣወሃህባ ነጥቢ ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ኣካዳሚያዊ ስራሕ ነጥብታት፡ ውላድኩም ምስካልኦት ተመሃሮ ብምንጽጻር ከመይ ይሰርሕ ኣሎ ኣብ ዝብል ዝተመርኮሱ ኣይኮኑን፡፡ ኣረአእያ፣ ጻዕርን ጠባይን ዝኣመሰሉ ረቛሒታት ካብ ኣካዳሚያዊ ዓወታት ብንጽል እዮም ጸብጻብ ዝግበሩ፡፡ እዞም ረቛሒታት ንኣካዳሚያዊ ዓወታት ከም ሳዕቤን ድማ ነጥብታት ዝጸልዉ ምዃኖም ርዱእ እናሃለወ፣ ብንጽል ብጸብጻብ ምቕራቦም ንወለዲ ብዛዕባ ናይ ውላዶም ተሪር ጎንን ንምምሕያሽም ዝህሉ ዕድልን ብዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ የቕርበሎም፡፡

መምሃራን ተመሃሮ ዘለዎም ፍሉይ ክእለታትን ሓደ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምርዳእ ክእለቶምን ንኽርእዩ ብዙሕ መንገድታት ይቕርቡሎም፡፡ ዝተጨበጡ ነጥብታት ብሓፈሻ ናይ ውላድኩም ናይ ቀረባ ግዜ ከምኡድማ ዘይቀያየር ኣካዳሚያዊ ዓወት የመልክቱ፡ ፡ ንኣብነት፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ መጀመርታ ናይ ሓደ ሲመስተር ናይ ዝተዋህበ ስራሕ/ዕዮ ገዛ ብምስራሕ ዝተረኸበ ትሑት ነጥቢ፡ ኣብ መወዳእታ ናይቲ ሲመስተር ናይ ውላድኩም ነጥቢ ኣብ ዝግምገመሉ ግዜ ፡ ንሱ ኣብቲ ዓውዲ ዝበለጸ መረዳእታ ወይ ክእለት እንተርእዩ ኣብ ግምት ከይኣቱ ይኽእል እዩ፡፡

## ነጥብታት ብኸመይ እዮም ጸብጸብ ዝግበሩ?

ናይ ተመሃሮ ነጥብታት ሚእታዊት ብምጥቃም እዮም ጸብጻብ ዝግበሩ፡፡

## ውላደይ ኣብ ሓደ ዓይነት ዓውዲ ክተርፍ ይኽእል/ትኽእል ዶ?

እወ፡፡ ኣብ 9ይን 10ይን ክፍልታት(ካልኣይ ደረጃ)፣ ነጥብታት ዝወሃቡ ኣብቲ ናይ ዞባዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ዝተሰርዑ ናይ ምምሃር ውጽኢታት ናይ ምርካብ ጭብጥታት ብምምርኳስ እዮ፡፡ ትሕቲ 50% ዝኾነ ናይ መወዳእታ ነጥቢ፡ እቲ ተመሃራይ ነቲ ዓውደ ትምህርቲ ንምሕላፍ እኹል ፍልጠትን ክእለታትን ኣየረኣየን ማለትዩ፡፡

## እቲ ባጀላ መኣስ እዩ ናብ ገዛና ዝልኣኽ?

ብመንፍቕ/ሲመስተር ከፋፊለን ዝሰርሓ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ባጀላታት ኣብ ሓደ ሲመስተር ክልተ ግዜ ናብ ገዛ ይልእኻ፡ ፡ ብሲመስተር ከፋፊለን ዘይሰርሓ ኣብያተ ትምህርቲ ግን፣ ኣብ ቀውዕን፣ ጽድያን ኣብ መወዳእታ ዓመተ-ትምህርትን ናብ ገዛ ይለኣኹ፡፡

## ኣብ ካልኦት እዋናት ካብ መምሃራን ሓበሬታ ክረክብ ድየ?

እወ፡፡ እቲ ባጀላ ምስ ወለዲ ዘራኽብ ሓደ መገዲ ጥራይ እዩ፡፡ ካልኦት መገድታት፡ ስልኪ ምድዋል፣ ዘይወግዓዊ ጸብጻባት ምዕባለ፣ ርክባት ወላድን- መምህርን፣ ብተመሃራይ ዝምራሕ ዘተ፣ ከምኡ ድማ ናይ ቤት ትምህርቲ ጋዜጣታት የጠቓልሉ፡፡

## ብዛዕባ ናይ ውላደይ ውጽኢት ትምህርቲ እንተተሻቒለ እንታይ ክገብር ኣሎኒ?

ንመምህር ናይ ውላድኩም ኣዘራርቡ፡፡ ውላድኩም ናይ ዘሸግሮ ዘሎ ዓይነት ትምህርቲ ዝርዝር ምድላው ሓጋዚ ይኸውን፡፡ ውላድኩም ንኽዕወት ንምሕጋዝ ብኸመይ ብሓባር ክትሰርሑ ትኽእሉ ምስ መምህር ተዘራረቡ/ባ፡፡



*ኣብዚ ሰነድ እዚ፣ ወለዲ ዝብል ቃል ንወለዲ ወይ ሞግዚታት ዝገልጽ እዩ፡*

# ናይ ተመሃራይ ኣሰራርዓ ፕሮግራም

ናይ ውላድኩም ኣሰራርዓ ፕሮግራም፡ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተሞርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ይኸተል ኣሎ ድዩ የሎን ንዝብል፣ ወይድማ ንምምሃር ዘድልዮ ነገራት ብዝበለጸ ንምምላእ ብፍሉይ ዝተነድፈ ካልእ ኣሰራርዓ ፕሮግራም ዝገልጽ እዩ፡፡

ካብ 9ይ ክሳብ 12ው ክፍሊ(ካልኣይ ደረጃ)፣ ዓውድታት ትምህርቲ ሰለስተ ኣሃዝ/ፊደል ዘለዎ ቁጽሪ ናይ ኣወሃህባ ስርዓት ይጥቀማ፡፡ እቲ ሳልሳይ ኣሃዝ/ፊደል (ንኣብነት፣ 20F – "F"፣ ኣብዚ ኣብነት) ውላድኩም ዝኸተሎ ዘሎ ዓይነት ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፡፡ ውላድኩም ኣብ ሓደ ዓውደ-ትምህርቲ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተመርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ይኸተል እንተልዩ፣ ባጀልኡ ካብዞም ዝስዕቡ ፊደላት ሓደ ይጥቀም፡፡

F (መሰረት)፣ S (ፍሉይ) ወይ G (ሓፈሻዊ)፡፡

ውላድኩም ኣብ ሓደ-ዓውደ ትምህርቲ ኣብ ደረጃ-ክፍሊዝተመርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ይኸተል እንተ *ዘየሎ*፣ እቲ ባጀላ ካብዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ዓይነት ኣሰራርዓ ፕሮግራም(ከምኡውን ተዛመድቲ ናይ ፊደል ኮዳት) ከምዝጥቀም የመልክት፡፡

## 1. M ኣሰራርዓ ፕሮግራም

"M" ብምኽንያት ናይ ኣእሙራዊ (ከግኒቲቭ) ስንክልና ዝጥለብ ዝተመሓየሸ ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፡፡ እዚ ተመሃራይ ብመገዲ ባጀልኡ ዝረኸቦም ነጥብታት፡ ነቲ ውልቀ-ተመሃራይ ዝሰማምዑ ናይ ምምሃር ዕላማታት ዘመልክቱ እዮም፣ ከምኡውን ኣቶም ዕላማታት ኣብቲ ናይ ውልቀሰብ ውጥን ትምህርቲ (IEP) ብንጹር ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡

## 2. E ኣሰራርዓ ፕሮግራም

"E" ንኢንግሊዘኛ ከም ተወሳኺ ቋንቋ (EAL) ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፡፡ ሓደ ተመሃራይ ኣብቲ ናይ መጀመርታ መድረኻት ምምሃር ቋንቋ ኢንግሊዝ ከም ተወሳኺ ቋንቋ፡ ነቲ ዓውደ-ትምህሪቲ ዝምልከት ቋንቋ ኢንግልዝ ኣብ ምምሃር የተኩር፡፡ እዚ ተመሃራይ ኣብቲ ባጀላ ዝረኸቦም ነጥብታት፡ምስ ናይቲ ውልቀ-ተመሃራይ ደረጃ ምዕባለ ቋንቋ ዝሰማምዑ፡ ኣብ ሞንጎ ቋንቋን ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕላማታትን ዘሎ ሚዛን ዝምርኮስ እዩ፡፡ እቶም ዕላማታት ኣብቲ ናይ ተመሃራይ EAL ናይ ትምህርቲ ውጥን ብንጹር ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡

## 3. L ኣሰራርዓ ፕሮግራም

"L" ብቋንቋ ፈረንሳ ምጽሓፍን ምንባብን ናይ ምኽኣል ኣሰራርዓ ፕሮግራም የመልክት፣ ከምኡውን ንቋንቋ ፈረንሳ(ፍራንሷ) ከምኡውን ነቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዝርከብ ናይ ፍሬንች ኢመርሽን ፕሮግራም ይምልከት፡፡ እቲ ናይ ዘባዊ ስርዓተ-ትምህርቲ ብዕውት መገዲ ንምኽታል፡ ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ክእለቱ ንምምዕባል ዝያዳ ሓገዝ ዘድልዮ ተመሃራይ፡ ኣብ ኩነታት ናይቲ ዓውደ-ትምህርቲ ተመርኲሱ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ምምሃር ከተኩር ይኽእል እዩ፡፡ እዚ ተመሃራይ ኣብ ባጀልኡ ዝረኽቦ ነጥብታት፡ ምስ ናይቲ ውልቀ-ተመሃራይ ደረጃ ምዕባለ ቋንቋ ዝሰማምዑ፡ ኣብ ሞንጎ ቋንቋን ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ናይ ምምሃር ዕላማታትን ዘሎ ሚዛን ዝምርኮስ እዩ፡፡ እቶም ዕላማታት ኣብቲ ናይ ተመሃራይ ናይ ቋንቋ ፈረንሳ ናይ ትምህርቲ ውጥን ብንጹር ተዘርዚሮም ኣለዉ፡፡

ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ መርኣዩ፣ እቲ ዓይነት ኣሰራርዓ ፕሮግራም ብቐይሕ ዓንኬል ተመልኪቱ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ኣብዚ ኣብነት እዚ፣ እቲ ተመሃራይ ንዓውደ-ትምህርቲ ሕሳብ ዝምልከት ዝተመሓየሸ ናይ ("M") ኣሰራርዓ ፕሮግራም ይኽተል ኣሎ፡፡



| | Attendance and Achievement | | | | | | | | Learning Behaviours | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | Term 1 | | | Term 2 | | | Final | | Term 1 | | | Term 2 | | |
| | Lates | Absences | Grade | Lates (Total) | Absences (Total) | Grade | Final exam | Final grade | Personal management skills | Active participation in learning | Social responsibility | Personal management skills | Active participation in learning | Social responsibility |
| Semester: | Course: **Mathematics 10M** | | | | | | | | | | | | | |
| Teacher: | | | % | | | % | % | % | | | | | | |
| Credit Value: | Comments: | | | | | | | | ❑ IEP (behaviours) | | | | | |
| Credits Earned: | | | | | | | | | | | | | | |

# ኣካዳሚያዊ ዓወት
# ናይ ዘባዊ ትጽቢታት

ሚእታዊት መምዘኒ ነጥቢ ኣብ ናይ ተመሃራይ ባጀላታት ናይ ነፍሲወከፍ ዝተወስደ ዓውደ-ትምህርቲ ጠቕላላ ነጥቢ ንምርኣይ ይጠቅም:: ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ቻርት እቲ ሚእታዊት መምዘኒ ነጥቢ ብኸመይ ምስ ኣካዳሚያዊ ዓወት ኣብ ውሽጢ`ቲ ዓውደ-ትምህርቲ ይዛመድ፣ ከምኡውን ካልኦት ዝተጠቕሙ ኮዳት የርኢ:: ን11ን 12ን ክፍልታት ዝወሃብ ትምህርቲ ኣካላዊ ብቕዓት/ትምህርቲ ጥዕና ዝምልከት ዓውደ-ትምህርትታት፣ ሚእታዊት መምዘኒ ነጥቢ ከምዘይጥቀም ኣስተብህሉ:: ብመተካትኡ ግን፣ **CO** ከምኡውን **IN** ዝብሉ፣ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ፣ ኮዳት ኣብ ባጀላታት ይጥቀሙ::

| Academic Achievement of Provincial Expectations | Percentage Grade |
|---|---|
| Very good to excellent understanding and application of concepts and skills | **80% to 100%** |
| Good understanding and application of concepts and skills | **70% to 79%** |
| Basic understanding and application of concepts and skills | **60% to 69%** |
| Limited understanding and application of concepts and skills; see teacher comments | **50% to 59%** |
| Does not yet demonstrate the required understanding and application of concepts and skills; students with a final grade of less than 50% are not granted course credit; see teacher comments | **Less than 50%** |
| **Additional Codes** | |
| **Course Complete:** Final passing grade for courses using CO/IN for grades, e.g., Grades 11 and 12 Physical Education/Health Education. | **CO** |
| **Course Incomplete:** Final grade showing insufficient evidence of learning for courses using CO/IN for grades, e.g., Grades 11 and 12 Physical Education/Health Education. May also be used in other courses but not as a final grade. | **IN** |
| No exam applies | **NE** |
| No mark for the school-based final exam or provincial test, where applicable | **NM** |



ዝቕጽል ኣብነት ሓደ ናይ 10ይ ክፍሊ ስነ-ፍልጠት ምስ ምዱብ ኣብ ደረጃ-ክፍሊ ዝተመርኮሰ ስርዓተ-ትምህርቲ ኣሰራርዓ ፕሮግራም ዝወሰድ ዘሎ ተመሃራይ ዘርኢ እዩ:: ብተወሳኺ እቶም ሰለስተ፣ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ፣ ናይ ምምሃር ጠባያት የርኢ:: 20% ካብቲ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ዝሽፍን ናይ መወዳእታ መርመራ ይሓቁፍ::

| | **Attendance and Achievement** | | | | | | | | **Learning Behaviours** | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | **Term 1** | | | **Term 2** | | | **Final** | | **Term 1** | | | **Term 2** | | |
| | Lates | Absences | Grade | Lates (Total) | Absences (Total) | Grade | Final exam | Final grade | Personal management skills | Active participation in learning | Social responsibility | Personal management skills | Active participation in learning | Social responsibility |
| Semester: 1 | Course: **Science 20F** | | | | | | | | | | | | | |
| Teacher: Ms Osmand | 2 | 1 | 70% | 3 | 1 | 75% | 80% | 76% | C | U | S | U | S | C |
| Credit Value: 1<br>Credits Earned: 1 | Comments: | | | | | | | | ❑ IEP (behaviours) | | | | | |

# ካብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ምምራቕ

ካብ 9ይ ክሳብ 12ይ ክፍሊ (ካልኣይ ደረጃ)፣ ተመሃሮ ኣብ ነፍሲወከፍ ደረጃ ክፍሊ፣ ንነፍሲወከፍ ዝወስድዎ ዓውደ-ትምህርቲ፣ ካብ 50% (ወይ ንላዕሊ) መሕለፊ ነጥቢ ምስ ዝረኽቡ፣ ንመመረቕታ ዝሕሰብ ነጥብታት የዋህልሉ፡፡

ወለዲ ብዛዕባ መምዘኒታት መመረቕታ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ብምእታው ኣብዚ ዝቕጽል ኣድራሻ ይረኽቡ፡-

**www.edu.gov.mb.ca/k12/policy/grad_require.html**

ንዓኹም ኮነ ንውላድኩም እቲ ዝረኽቦ ዘሎ ነጥብታት ንምምራቕ የብቅዕ ድዩ ፣ ከምኡውን ምስ ናይ ውላድኩም ናይ ድሕሪ ምምራቕ ውጥናት ዝሳነ ድዩ ምርግጋጽ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እቲ ባጃላ ውላድኩም ንምምራቕ ዘመዝግቦ ዘሎ ምዕባለ ዘርኢ ሰሌዳ ኣለዎ፡፡ ነዚ ብዝምልከት ዝኾነ ስክፍታታት እንተልዩኩም፣ ነቲ ውላድኩም ዝመሃረሉ ቤት-ትምህርቲ ኣዘራርቡ፡፡


# ናይ ምምሃር ጠባያት

ካብ ምምሕልላፍ ጸብጻብ ኣካዳሚያዊ ዓወታት ብተወሳኺ፣ ባጃላታት ውላድኩም ኣብ ክፍሊ ዘርእዮ ጻዕርን ኣረኣእያን ይሕብሩ፣ ከምቲ ኣቐዲሞምን ኣብ ታሕትን ዝተገልጹን ዝተጠቕሱን ኣብነታት ከምንርእዮ፣ ኣብ ትሕቲ "ናይ ምምሃር ጠባያት" ዝብል ተጸብጺቦም ይርከቡ፡፡ እቲ ኣብዚ ክፋል ዝርከብ ናይ IEP ሳንዱቕ፡ ውላድኩም ምስ ናይ ምምሃር ጠባያት ዝዛመዱ ዕላማታት ዝሓቖፈ ውልቃዊ ውጥን ትምህርቲ እንተልይዎ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል፡፡

| Learning Behaviours | |
|---|---|
| **Scale** | **C**: Consistently – almost all or all of the time<br>**S**: Sometimes – less than half of the time<br>**U**: Usually – more than half of the time<br>**R**: Rarely – almost never or never |
| **Personal management skills** | Uses class time effectively; works independently; completes homework and assignments on time |
| **Active participation in learning** | Participates in class activities; self assesses; sets learning goals |
| **Social responsibility** | Works well with others; resolves conflicts appropriately; respects self, others and the environment; contributes in a positive way to communities |

ናይ ምምሃር ጠባያት ብቐጥታ ኣብ ናይ ተመሃሮ ነጥብታት ዝሕቆፉ ኣይኮኑን፣ እንተኾነ ግን ንኣካዳሚያዊ ዓወቶም ክጸልዉ ይኽእሉ እዮም፡፡ ኣዎንታዊ ናይ ምምሃር ጠባያት ምምዕባል፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኮነ ወጻኢ ኣብ ህይወቶም ለውጢ እናርኣዩ ኣብ ዝኸዱሉ ግዜ፡ ንመጻኢ ንተመሃሮ ዓወት ከምጽኣሎም ይኽእል እዩ፡፡ ተመሃሮ ነብሶም ኪኢሎም እንተሰሪሖም፣ ተበግሶ እንተወሲዶም፣ ከምኡውን ናይ መምሃሪ ክፍሊ ክብርታት እንተኣኽቢሮም፣ እዞም ክእለታት ንጥቕሚ ዝተፈላለየ ክፋላት ህይወቶም ከውዕልዎም ይኽእሉ፡፡

ነቶም ኣብ ናይ ፍሬንች ኢመርሽን ፕሮግራም ዝሳተፉ ተማሃሮ፣ ቋንቋ ፈረንሳ ናይ ምጥቃም ተግባር ዝምልከት ናይ ምምሃር ጠባይ ዝሓዘ እዩ፡፡



## ንዝያዳ ሓበሬታ

ንመርበብ ሓበሬታ ክፍሊ ትምህርቲ ማኒቶባ ተወከሱ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ

- ውላድኩም ኣብ **ዝተፈላለየ ዓውድታት-ትምህርቲ** እንታይ ይመሃር ኣሎ፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/cur/parents/ (*መደብ ቋንቋ እንግሊዝ*)
  www.edu.gov.mb.ca/k12/cur/parents/fr_imm/ (*ናይ ቋንቋ ፈረንሳ መደብ ኢመርሽን* (Immersion))
  www.edu.gov.mb.ca/m12/progetu/parents/ (*ናይ ፍራንሷ ፕሮግራም*)
- ***ንመገምገሚ ተመሃራይ*** ዝምልከት ፖሊሲታትን መምርሒታትን፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/
- **እቲ ዞባዊ ባጃላ**፡-
  www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/report_cards/index.html

## ንኣበርክቶኹም ሓንጎፋይ ኢልና ንቕበል

ወላዲ ወይ ሞግዚት፣ መምህር፣ ተመሃራይ ወይ ድማ ግዱስ ኣባል ማሕበረሰብ ዲኹም ብዘየገድስ፣ ነዚ ሓድሽ ባጃላ ዘለኩም መልሲ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ብሓፈሻ፣ እቲ ባጀላ ንጹርን ሓባርን ኮይኑ ዶ ረኺብኩምዎ? ሕጂውን ተኾነ ክመሓየሹ ዘለዎም ክፋላት ናይቲ ባጀላ ኣለዉ ዶ?

ርእይቶታት ከተቕርቡ እንተደሊኹም፣ ብኽብረትኩም ናብዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ኣድራሻ ብፖስታ ስደድዎ ወይድማ ተመልኪቱ ዘሎ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ ክፈትዎ ከምኡውን ናይ ኦንላይን ናይ ግብረመልሲ ቅጥዒ መሊእኩም ስደዱ፡፡

| ግብረመልሲ ብፖስታ ስደዱ | ግብረመልሲ ብኦንላይን |
| --- | --- |
| *Provincial Report Card Feedback*<br>Manitoba Education<br>1567 Dublin Avenue<br>Winnipeg MB  R3E 3J5 | www.edu.gov.mb.ca/k12/assess/cards/feedback.html |

